***<u>ኣስተውዕል! ኣስተውዕል! ኣስተውዕል! ኣብ ደገ ትነብር ህዝብና።</u>***

*ኣብ እኸሊ ክርዳድ፡ ኣብ ሰብ ሕማቕ ከምዘሎ ከይዘንጋዕና፡ ነዚ ሰናይ ተግባር ህዝብና ካብ ሕማም ኮቪድ19 ንምድሓን ዝግበር ዘሎ ወፈያታት ንምድንጋር ዝሰርሑ ጽዩቓት መሳርሒ ተጻባእትና ዝኾኑ ኤርትራውያን ስለ ዘለዉ፡ ኣብ ግዜ ሽግር ረብሕኦም ዘኻዕብቱ፡ ሕጂውን ብስም እዚ ሓደገኛ ለበዳ ሓለይቲ ተመሲሎም ''ኣብ ገለ'' ቤተ መቕደሳት መንፈሳውያን ተመሲሎም ካብ ምእመናን ወፈያታት ይሓቱን ይቕበሉን ኣለዉ። እቶም ብመንፈሳዊ (ልውህና) ዓይኒ ርኢኹም/ ርኢክን ሓገዝኩም ናብ ጉጉይ ኢድ ትህቡ ዘሎኹም ተጠንቀቑ። ህዝብናን ሃገርናን ንምሕጋዝ እንገብሮ ወፈያታት መንገዱ ሓደን ንጹርን እዩ።*

*ብኤርትራውያን ኣሜርካውያን ሃገራዊ ሽማግለ ተወሃሂዱ፡ ብኤምባሲታት/ቆንስላት ኤርትራ ተማእኪሉ ናብ ሃገር ይለኣኽ። ዕላዊ ቅቢሊት ንነፍሲ ወከፍ ወፋያይ ብዘበርከቶ ዓቀን ድማ ይለኣኸሉ። ካብዚ መስርሕ'ዚ ወጻኢ ዝኾነ ዝወሃብ ወፈያታት ኣብ ጥቕሚ ህዝብና ከምዘይውዕልን ዕላዊ ቅብሊት ከምዘይወሃቦን፡ ጽባሕ ሂበ ኢልካ ዘይሕተቶን ምዃኑ ኩሉ ክፈልጦ ይግባእ። ወፈያኹም ብቸክ፡ ማኒ ኦርደር ወይ ካሸርስ ቸክ ምስ ትልእኩ ብቀጥታ ናብ ኢምባሲ ኤርትራ ይከኣል። ወይ ድማ ኣብ ኩሉ ትነብሩሉ ከተማታት ብሓይሊ ዕማም ኮቪድ 19 ዝቖማ ሽማግለታት ስለ ዘለው ትደልዩዎ ሓበሬታ ወይ ተወፍዩዎ ሓገዝ ኣብ ቁኑዕ ቦታኡ ንኽበጽሕ ክሕግዛኹም ብምውካስ እቲ ቁኑዕ መስርሕ ርኸቡ።*

*ካልእ ኣገዳሲ ኣብ ከተማታትናን ጎረባብትናን ብሰንኪ እዚ ተላባዲ ሕማም ኣብ ጥዕና ይኹን መነባብሮ ዝተጸገሙ ዜጋታትና ከይህልዉ ምፍታሽን ምትሕብባርን ብቑልጡፍ ምሕባርን።*

*ነባሪ ዝኽሪ ንሰማእታትና*
*ዓወት ንሓፋሽ*
*ገብረንጉስ መስመር*